# ጽምብል ጽንዓት ኣብ ከተማ ጊሰን (ጀርመን) ብዓወት ተዛዚሙ :

ዕለት 04.10.2014 ብኹሉ መዳያቱ ብመንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጀርመን ዝተወደበ ጽምብል ጽንዓት : ኣብ ከተማ ጊሰን ሃገረ ጀርመን : ብልዑለ ሃገራዊ ወኒ ብዓወት ምዝዛሙ እቲ ሓያል ብልጫኡ'ዩ :

ኣብዚ ጽምብል ህልዊ ኩነታት ሃገርና ዝገልጽ ሰሚናር : መሃሪ ተዋስኦ ግጥምታት ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ዜማ ዝመንጩዉ ባህላዊ ጸውታን ካልእን : ንተሳተፍቲ ጀባእ ዘበለ ጽምብል ምንባሩ ምስክሩ እዩ : ብኣጋጣሚ ምስ መዓልቲ ዒድ ኣል-ኣድሓ ተደሚሩ ንድምቀቱ ዝያዲ ኹሊዕዎ :

ጽምብል ጽንዓት ልክዕ ሰዓት 20:30 ምሸት ብዝክረ-ሰማእታት'ዩ ተኸፊቱ : ስዒቡ ኩሉ ብሓባር ሃገራዊ መዝሙር ምስ ተዘመረ ርዝነት እቲ ጽምብል ምስክር ጽንዓትን ዘይተጽዓድነትን ምንባሩ መግለጺኡ'ዩ :

መኸፈቲ መደብ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ብኣደ/መንበር መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጀርመን መንእሰይ ዮሃና ግርማይ ድሕሪ ምቕራብ : ዘስካሕክሕ ህልቂት ላምፓዱዛ 03.10.2013 ዓመቱ ብምንባሩ : ሳዕቤን ዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂሰባትን መድሃርቱን : ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገደፎ ስምብራት : ብፍላይ ከኣ ቀንዱ ተሓታትቲ እቶም ንዓለምና ሰላም ከሊኦም ደም ዘንብዑዋ ዘለዉ ሰብ-ፍሉይ ረብሓ ምዃኖምን ካብ ትሓታትነት ከቶ ከምዘይምልጡን ብኣባል ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት ሓላፊ ጉዳያት መንእሰያት : መንእሰይ ቴድሮስ ኀይትኦም ሓጺር መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ : ንዝኸር'ቶም ግዳያት ሽምዓ ብምውላዕ ተሳታፍ'ቲ ጽምብል ናይ ሕልና ጸሎት ኣብጺሖም :

ብመንፈስን ዕላማን ምሳኻትኩም ኣሎኹ : ከም ወትሩ ዕዉት ጽምብል ይግበረልኩም ዝብል መልእኽቲ ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮ ጸጋይ ተቐቢሉኒ ብምባል ምርግለጺኡ ዘጀምረ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ብወገኑ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ በዓልን መደባትን ብደቅና ወረስቲ ሕድሪ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተወዲቡ ምክያዱ ዓቢ ሓበንን ኩርዓትን ይሰምዓና፡ ጽምብል ጽንዓት ድሕሪቲ ዕዉት ዝኾነ መበል 40 ዓመት ዝኸሪ ፌስትቫል በሎኛ : ቀጻልነት ዓወትና ዝምስክር ኮይኑ በቲ ካልእ'ውን ንምብርካኽና ዝካየዱ ብድሆታት ኣለሊና ንምግጣምም እንጸንዓሉን እንምከተሉን ጽምብል ጽናዓት'ዩ ክብል መግለጺኡ ዛዘመ።

ወኪል ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃ/ኤርትራ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ : ኣብ ኣብ ዘስምዖ ቃል : እቲ ንምሕያል መኸተን ንውህደትን ሓድነትን ጽንዓት ህዝቢ ተባሂሉ ብክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ዝፈለመ ንመበል 4ይ ዓመቱ ይቕጽል ምህላዉ ንተሳተፍቲ ኣዘኻኺሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘይጽዓድ ብቓልስን ተወፋይነትን ዘመስከረ : ጻምኡ ድማ ከም ወትሩ ዓወት'ዩ፡ ናይ ሎሚ ጽምብል ጽንዓትን : ኣታዊኡ ድማ ንዋዕላ ደቅና መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. 2015 ዝውዕል እዩ፡ ዕዉት በዓል ይግበረልና ክብል ሰናይ ትምኒዮቱ ገሊጹ።

ብምቕጻል ሓጺር ድሕሪ'ባይታ ምምስራት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ኣውሮጳን : ኣብ 2005 ዓ.ም ብኣስታት 65 መንእሰያት ካብ ዘተፈላለያ ሃገራት ኤሮጳ ዝመጹ ኣብ ከተማ ቢልፈልድ ጀርመን ዝጀመረ : ሎሚ ልዕሊ 800 ዝኣኽሉ ኣብ ኮንፈርንስ ኣውሮጳ ዘጋብእ ዘሎን : ኣብ ሓያል ገስጋስ ዝርከብ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ . ኣብ ምሉእ ዓለም'ዩ : ክትብል ኣደ/ መንበር ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. መንእሰይ ሰምሃር ተኽስተ ዝገለጸት : ኣስዒባ ድማ ኣብ ሃገረ ጀርመን ንኽካየድ ተመዲቡ ዘሎ መበል ፲፬ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣመልኪታ ሰፍሕ መግለጽን ሓበሬታን ብድሕሪ ምሃብ ካብ ሕብረተሰብን ውዳቤታትን ምራላውን ንዋታውን ደገፍ ከይፍለዮም ኣጥቢቓ ተላበወት፡

ስዒቡ ዝቐረበ : ድራማን ግጥምታትን : ማሕበራዊ ሂወት ብፍላይ ኣብ ስዩት ዝነብር ህዝብና : ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕርን ተወፋይንትን : ጽንዓትን መኸተን : ሓድነትን ፍቕርን ዝገልጽ : ነቲ ጽምብል ዝያዲ ድምቀት ከህቦ ከኢሉ :

ዝቐጸለ መደብ ተሳታፊ ብህንጥዩነት ዝጽበዮ ዝነበረ ሰሚናር ኮይኑ : ብናይቲ መዓልቲ ናይ ክብሪ ዕደመ ክቡር ኣምባሳደር ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ : ከም ኣርእስቲ ዝጀመሮ ምስ እዚ ኩሉ ግዳማውን ተጻብኦታት : ዘይተጻዓድነትና ኣብ ምህናጽ ሃገር : ከምሃገር ከም ህዝቢ ኣብ ሓድሽ መድረኽ : ቃልስና ሃገራዊ ሓድነትን መንነትናን ኣረጋጊጽና ማሕበራዊ ፍትሒ ኣንጊስና : ውሑስ መጻኢና ንምርግጋጽ'ዩ ክብል ሰፊሕ ኣስተምህሮ ድሕሪ ምሃቡ : ኣብ መዛዘሚ : ወላ'ኳ ብሳላ ጻዕርናን ውሁድ መኸተናን ብክልተ መሓውርና ኣብ መንጠሪ ባይታ ኣደልዲልና ረጊጽና እንቶ'ለና : ውዳቤና ኣሕይልና : ሓባራዊ መረዲኢታና ኣማዕቢልና : ሓድነትና ኣትሪርና : ሓደ ንቑሕን ውፍዩን ሃገራዊ መንእሰይ ህ.ግ.ደ.ፍ መቐጸልታ ህላወ ሃገር ዘረጋግጽ ክንሃንጽ መድረኽ ይጠልበና ኣሎ : ምኽንያቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ውጽኢት ናይ ሓይሊ ህዝቢ ስለዝኾነ : እዚ ኹሉ ዓወት ዝልመደ ንቑሕን ውፉይን ህዝቢ ኤርትራ ሒዝካ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ክዉን ከም ዝኸውን ጥርጥር የብለይን ክብል እቲ ሰፊሕ ኣስተምህሮኡ ዛዚሙ :

ዝቐጸለ ባህላዊ መደብ ካብ ኤርትራ ዝመጹን ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ወናማት ድምጻውያን ምስ ኤሪባንድ ክሳብ ወጋሕ ትብል ለይቲ ቀጺሉ እቲ ጽምብለ ብዓወት ተዛዚሙ :

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና :
ዓወት ንሓፋሽ :
ኣ/ሽ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጀርመን : ዕለት 06.10.2014